# ክንዝክሮም ስነኪነታዉያን መማህራና!
# ዋላ እንተተፈልዩ ብመንፈስ ምሳና!

ብገ/ሚካኤል ሃብተጽዮን/ቖርጀ/ጀርመን

29 ግንቦት 2009

ዓደየ ዓደየ ዓደየ ዓዲ ጀጋኑ
በዓል መን'ዮም ዝጠለሙ
ነብስሄር ኣቦና ኣተዉ ብርሃን ሰጊድ

ጀግና መምህር ህዝቡ ኣተዉ ብርሃን ሰጊድ
ኣብ ሕምብርቲ ጸላኢ መልእኽቱ ዘንጎድጉድ
ብገዛእቲ ዘይርዕድ ዝስዉድ ዝምንጉድ
ራዕዲ ዘእትወሎም ዘበሎም ዕብድብድ
ብገንዘብ ዘይሰድዕ ንጸላእቱ ዘይሰግድ
ሃገረይ ባሃላይ ንመግዛእቲ ወጊድ።

እምብኣርከስ እቶም ሽዑ ንሃገር ዝጠለሙ
ዋላ ንግዚኡ እንተተሸሙ
ቃልሲ ግን ቀጺለ ኣይተረፈን ቂሂሙ
ብዉሑዳት ተጀሚሩ ሰዉራ ዝስሙ
ንገዛእቲ ክጸርጎም ብረት ተሸኪሙ
ነጻነት ኣረኪቡ ጸላእቱ ደርዕሙ
ሕጅዉን እንሆዉልካ ዳግማይ ዝጠለሙ
ንሓፋሽ ጠሊሞም ረብሓኦም ዘቐደሙ
ጠለምቲ  መብጸያኦም ብህዝቢ ዝተረግሙ
ዓገብ ንዝበሎም ዘጠቕሩ ዘጸልሙ
ርእይቶኡ ዘቕረበ ዝቅንጽሉ ዝስምሙ
ብሰላም ተለሚኖም ዝተሐስሙ
ብኽምኡ ክነብሩ ዝትስፈዉ ዝሓልሙ
ንህዝብና ዝጭፍልቕ ብሓባር ኣልሚሙ
ትቃራረብ ኣላ መዓልቶም ከምቶም ዝቀደሙ
ብማዕበል ሓፋሽ ክጭርገፉ ክጭልገሙ
ሃገረይ ዝበለ ከማኻ ግን ኣይርሳዕን'ዩ ስሙ።

ዉድቀት ንጠላማትን ወደስቶምን
ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና
ዓወት ንዉጹዕ ህዝብና